Fachkommission
Integrationsfähigkeit

# ናይ ፍልሰት ሕብረተሰብ ብሓንሳብ ምምዳብ

**ጸብጻብ ሞያዊ ኮሚሽን ፈደራላዊ መንግስቲ ብዛዕባ ሓፈሻውያን ኩነታት ብቕዓት ውህደት**

## ቀንዲ መልእኽትታት

ቅዳሕ ካብቲ ጸብጻብ ሞያዊ ኮሚሽን ክእለት ውህደት፤ እቲ ምሉእ ጸብጻብን ተወሳኺ ሓበሬታን ኣብ ዝስዕብ ክትረኽቡ፥ www.fachkommission-integrationsfähigkeit.de

### 1. ጀርመን ብዙሕ መዳያት ዘለዎ ናይ ፍልሰት ሃገር እያ።

ጀርመን ኣብ ኤውሮጳ ካብ ካልኦትሲ ናብ ቀንዲ ኣገዳሲ መዓልቦ ሃገር ንስደት ተማዕቢሉ፤ ኣብ ምሉእ ዓለም ድሕሪ ዩ.ኤስ.ኤይ. ኣብ 2ይ ቦታ እዩ ዘሎ። ሽዑ ብግብሪ ናይ ስደትን ፍልሰትን ሃገር እዩ። ስደት ማእከላዊ ባእታ ሕብረተ-ሰብ ጀርመን እዩ። እዚ ሎሚ፣ ጽባሕ ከምኡ ድማ ኣብ መጻኢ ክህሉ እዩ።

ስለዚ ብእምነት ሞያዊ ኮሚሽን ክፉት ዝኾነ ልምዲ ናይ "ጀርመናዊ/ት ምኳን" ምስ ዝተጸግዐ ናይ ኣባልነት ስምዒት ምምዕባል ኣድላይ እዩ፤ እዚ ንብዙሕነት ሃገረ ፍልሰት ጀርመን ኣጸቢቑ የህብትም። እዚ "ንሕና" ዝብል ሓድሽ ስምዒት ከምኡ'ውን መሰረት ሓባር ምትሕብባር እዩ ዝፈጥር። ናይ ስደትን ውህደትን ፖሊቲካ ከመይ ክምደብ ከምዘለዎ ብዝኾነ ኩሉ ግዜ ዝተፈላለዩ መዳያትን ነቐፌታውያን ክትዓት ክህልዉ እዮም። ከምዚ ዚኣመሰሉ ክትዓት ብቑዓት እዮም። ዝተፈላለዩ ኣተሓሳስባታት ብዛዕባ ፖሊቲካ ፍልሰትን ውህደትን ኣብ ደሞክራስያውያን ሕብረተሰባት ብልሙድ ክኽበሩ ኣለዎም፣ ግና ንባይታ መሰረታውያን ሕግታት ወይ ቅዋም ክኸተሉ ኣለዎም ከምኡ'ውን ንክብረት ካልኦት ከኽብሩ ኣለዎም:::: ኣብ መወዳእታ ብዛዕባ ኩነታት መእተውን ጽንሓትን ብፖሊቲካዊ ኣገባብ ክውሰን ኣለዎ።

### 2. ምውህሃድ ዕዉት ምስዝኸውን እቲ ስደት ዕድላት ይህብ

ኣብ ህዝቢ ጀርመን ዘሎ መጠን ኣተውቲ ከምኡ'ውን ደቅታቶም ኣብ ዝመጹ ዘለው ዓሰርተ ዓመታት ቀጺሉ ክስስን እዩ። ብእኡ ዕድላት ይተኣሳሰሩ፥ ውህደት ዕዳጋ ትምህርትን ስራሕን ዕዉት ምስዝኸውን፣ ብዙሕ ቊጠባውያን መኽሰባት ካብኡ ከስዕቡ ይኽእሉ፣ እንተላይ ፊናንሳዊ እቶታት ንማሕበራዊ መንግስቲ፣ ብሕልፊ ኣብዚ ሕጂ ዘለናዎ ህዝባዊ ቅያር። ክፉታት ሕብረተሰባት እንተላይ ካብ ዝስስን ዘሎ ባህላውን ማሕበራውን ብዙሕነት ክኸስቡ ይኽእሉ። ታሪኻውያን ናይ ስደትን ውህደትን ተመኩሮታት

ኣብ ጀርመን ከም ዘርእዩ ዘለው እዚኦም ዕድላት እንተላይ ርከሳታት ኣለውዎም፥ ምርሕሓቕ ዕድላት ትምህርትን ዓለም ስራሕን ናብራን፣ ልዕለ-ገምጋማዊ ኣልቦነት ስራሕ ኣብ ፈለስትን ደቅታቶምን፣ እዚ እንተላይ ነንስቲ እዩ ዝምልከት፣ ማሕበራውያንን ፖሊቲካውያንን ባህላውያንን ሽግራት፣ ምፍልላይን ኣድልዎን፤ እዚኦም ግን ጥራይ ሓደክልተ ኣሸገርቲ ዓውድታት እዮም። ስደት እንተላይ ፍልልይ ኣብ መንጎ ከተማን ቁሸጥን ቀጺሉ ክገድድ ይኸውን፣ እዚ ከኣ በቲ ህዝባዊ ቅያር መሊሱ ብብርቱዕ ክድገፍ እዩ። ማንም ናይዚኦም ምዕባለታት ተፈጥሮኣውያን እዮም፣ ክምደቡ ውን ኣይክእሉን። ሞያዊ ኮሚሽን ዕድላት ንጡፍ ዝኾነ ናይ ስደትን ውህደትን ፖሊቲካ ይመኽር እዩ ከምኡ ድማ እዚኦም ዕድላት ብተገዳስነት ምሉእ ህዝቢ ክጥቐመሎም ይፍትን። እዚ ጸብጻብ ብዛዕባዚ ጭቡጣት እማመታት ይህብ፥

## 3. ዕላማውያን ሽግራት ኣብ መንጎ ናይ ዑቕባን ውህደትን ፖሊቲካ ክቅበሉ ኣለዎም ከምኡ'ውን ብዝተኻእለ መጠን ክጉደሉ ኣለዎም

እቲ ናይ ዑቕባ ፖሊቲካ ከምኡ'ውን ምውህሃድ ናይ ምክልኻል መሰል ዘለዎም ኣብ ጀርመን ብቀንዲ ሰብኣውያን ዕላማታት የስዕቡ። እዚኦም ኣብ ሕጊ ህዝብታት፣ ኣብ ኤውሮጳዊ ሕጊ ከምኡ'ውን ኣብ መሰረታዊ ሕጊ ዑቕባ ናይ መሰረታውያን ሕግታት ጀርመን ተሰሪጾም ይርከቡ። እቲ ሞያዊ ኮሚሽን ነዚኦም ግዴታታት ይኽተል። ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ግና ብዙሓት ዓውድታት ፖሊቲካ ዑቕባን ስደተኛታትን ከምዘይሰርሑ ኣሪኦም ኔሮም። ምምሕዳስ ስርዓተ ዑቕባ ብዓለምለኻውን ኤውሮጳውን ሃገራውን መዳይ ኣድላይ ከምዝኾነ ክንቀፍ ኣይክእልን እዩ። ከምዚ ዚዓይነቱ ናይ ምሕዳስ እማማት ምምዕባል ናይ ስራሕ ሞያዊ ኮሚሽን ኣይነበረን - ግና እማማት ብዛዕባ ውህደት ናይ ኣብ ጀርመን ዝነብሩ 1.8 ሚልዮን ደለይቲ ሓለዋ፣ ብውሕዱ ነቶም ዝበዝሑ ናይ ብሕጊ ዝተቐበሉ መሰል ምክልኻል ዘለዎም ሰባት።

ውህደት ናይ መሰል ምክልኻል ዘለዎም ንጉዳያት ምምሕዳር ስደት ውን ይትንክፍ። እዚ ምውህሃድ ዝዕውት እንተኾይኑ፣ እቲ ብሰብኣዊ መትከላት ዝተመስረተ ናይ ዑቕባን ስደተኛታትን ፖሊቲካ ብዝያዳ ኣማራጺታትን ናጽነትን ክሰርሕ ይኽእል። በቲ ካልእ ወገን እቶም ዕድላት ውህደት ካብ ጽንሓት ጉዳይ ዑቕባ፣ ምርካብ ስልጠናታት ውህደት ከምኡ'ውን ፕሮግራማት ቛንቛ ወይ መንበሪ ኣድላይነታት ይምርኮሱ እዮም። ሽዑ እንተላይ መዓልቦ ሽግራት የስዕቡ - ብሕልፊ ኣብ ኣተሓሕዛ ኣብ ጉዳይ ዑቕባ ዘለው ሰባት ከምኡ'ውን ምስ ብወለንታውነት ዘይወጽኡን ዘይስጎጉን ፍቓድ ዘለዎም ሰባት። ንጡፍ ዝኾነ ፖሊቲካ ውህደት ከምኡ'ውን ዝሓሹ ዕድላት ተሳትፎ ነቲ ድርኺት ስደት ንሕጋዊ መሰል ምክልኻል ዘይብሎም ሰባት ክስስን ይኽእል።

እቲ ሞያዊ ኮሚሽን ሓደ ዝሰርሕ ስርዓተ ዑቕባ ኣብ መንጎ ኣድላይነት ሓለዋ ዘለዎምን ዘይብሉንን ሰባት ክፍለ ከምዘለዎ ከምኡ'ውን ኣብ ንጽገት ሕቶታት ዑቕባ ዋላ ምምላስ/ምስጋግ ኣድላይ ከምዝኾነ ኣብ ዝኾኑ ዝተፈላለዩ መዳያት ብመሰረት ይሰማማዕ እዩ። ካብ ናይ ግዝያዊ ፍቓድ ስራሕን ሞያን ንየው እቶም ዕድላት ጽንሓት ንጽቡቕ ዝተወሃሃዱ ደለይቲ ሓለዋ ብዝኾነ ክድገፉ ይኽእሉ። እቲ ሞያዊ ኮሚሽን

ብመሰረት እቲ ብሰፊሑ ዕዉት ዝኾነ መንፍዓት ኣብ ውህደት መሰል ሓለዋ ዘለዎም ሰባት ክቕጸል ከምኡ ድማ ቀጺሉ ክምዕብል ይመኽር።

## 4. ውህደት ንኩሎም ዝምልከት ቀጻሊ ዕማም እዩ

በቲ ኣብዚ ዝተወከለ ኣረዳድኣ ውህደት ካብ ስደት ክፈላለ ኣለዎ ከምኡ'ውን ካብ ቅድሚኡ ብሰፊሑ ክርዳእ ኣለዎ። ምሉእ ሕብረተሰብ ዝምልከት ጉዳይ እዩ፣ ስለዚ መንፍዓት ኩሎም የድሊ እዩ። ዝኾነኾይኑ ውህደት ቀጻሊ ዕማም እዩ። ምስታፍ ጥራይ ዘይኮነ እንተላይ ማሕበራዊ ኮም ብንጡፍ ምትሕብባር እንተዝፍጸም ውን ክሰርሕ ይኽእል። ሽዑ ኩሎም ንመንግስቲ ውን ክኣምንዎ ኣለዎም፣ ንሱ ብዝምልከት ፖሊቲካ ንዕድላት ስደት ከምዝጽዕር ከምኡ'ውን ርክሳታት ከምዝውግድ። ውህደት ከም ቀጻሊ ዕማም ብሓጺር ግዜ ኣድለይቲ መልስታት ምርካብ ማለት'ዩ፣ ብሕልፊ ግን ንንውሕ ዝበለ ግዜ ትካላውያን መትከላት ምፍጣር፣ እዚኦም ኣብ መንጎኦም ከምኡ ድማ ብመዳይ ዝመጹ ዘለው ዕማማት ተሰማሚዕም እዮም።

ዕዉት ውህደት ከኣ ኣድላይነት ማሕበራዊ ምትሕብባር እዩ። እዚ ኣብ ሓደ ዘመናዊ፣ ብዝሑነት ዘለዎ ሕብረተሰብ ካብ ማዕርነትን ጽንባረን፣ ምትእስሳር ምስቲ ሕጊ፣ ሲቪላዊ ሕጋጋት ከምኡ ድማ ካብ ቀጻሊ ዝቕይር ርእሰ-ነቐፌታ እዩ ዝምርኮስ። ተሳትፎ ኣብ ዕድላት ጥራይ ዘይኮነ፣ እንተላይ ንጡፍ ተሳትፎ ኣብ ብዙሓት ኣማራጺታትን ዕማማትን የድሊ እዩ። ምትሕብባር ካብ መንግስቲ ክእዘዝ ኣይክእልን፤ ካብ ወግዓዊ ምኽታል ሕግታት ዝያዳ እዩ ዘድሊ። እዚ ማለት ውን ሃናጺ ባእሲ ብዛዕባ ኣብ ሓባር ናብራ ዝቕልቀሉ ሽግራት፣ ምልውዋጥ ዝተፈላለዩ ስራሓት ከምኡ'ውን ወትሩ ምድላይ ስምምዕን ግድድፍን።

## 5. ውህደት ማልት ተሳትፎ፣ ውክልና ከምኡ'ውን ተቐባልነት

ፍልሰት ነቲ ብዙሕነት ይውስኾ። ሕጂ ዳርጋ ሓደ ርብዒ ናይ ህዝቢ ጀርመን ባዕሎም ኣትዮም ሰፊሮም ወይ መበቌል ካብ ስደተኛታት/ፈለስቲ ኣለዎም። እቲ ሞያዊ ኮሚሽን ሰፊሕ ናይ ውህደት ኣረዳድኣ ይድግፍ እዩ፣ ምርግጋጽ ማዕርነት ዘለዎ ተሳትፎ ኣብ መንጎ ካልእ ነገራት ዝስዕብ የድሊ፥ ኣባላት ኩሎም ሕብረተሰባውያን ጉጅለታት ብብቕዓቶምን ክእለቶምን ኣብ ኩሎም መዳያት ደረጃ ካብ ፖሊቲካ፣ ምምሕዳር፣ ቍጠባ፣ ስነ-ፍልጠት፣ ባህሊ፣ ሚድያታትን ሲቪላዊ ሕብረተሰብን ብብቑዕ ክውከሉ ኣለዎም። ስለዚ ምኽፋት ናብ ሕብረተሰባዊ ብዙሕነት ዘእንፍት ሃገራውያን ትካላት ናይ ግድን ክድፋእ ኣለዎ፣ ሃገራዊ/መንግስታዊ ስራሕ ሳዕቤን ንምሉእ ሕብረተሰብ ስለዘለዎ። እዚ ንፈለስትን ደቅታቶምን ከምኡ ድማ ንካልኦት ምናልባት ሽግራት ዘለዎም ሕብረተሰባውያን ጉጅለታት ብቑዕ እዩ።

## 6. ንጡፍ ምውጋድ ምፍልላይ ከምኡ'ውን ኣኽብሮታዊ ሓድሕድ ምትሓዝ ንተሳትፎን ምትሕብባርን ኣድላይነት እዮም

ሓደ ዝተወሃሃደ ሕብረተሰብ ምፍልላይ ኣይገብርን እዩ ከምኡ ድማ ንኩሎም ጉጅለታት ህዝቢ ተሳትፎ ምስ ማዕረ ዕድል የቕርብ። እዚ ዕላማ ገና ኣይተበጽሐን ኣሎ። ምፍልላይ ብመደብ ጥራይ ዘይኮነ እንተላይ ብዘይመደብ ወይ ከይተፈልጠ ክፍጸም ይኽእል - ብሕልፊ ስርዓታዊ ምፍልላይ። ስለዚ ንፈለስትን ደቅታቶምን ከምኡ ድማ ንካልኦት ጉጅለታት ኣገዳሲ ዝኾነ ኣርእስቲ እዩ። ዝተሞከረ ምንዓቕ፣ ውገዳ፣ ኣድልዎ ከምኡ'ውን መግዳዕቲ ኣብ መንነትን ናይ ኣባልነት ስምዒትን ናይ ዝተመልከቱ ሕማቕ ሳዕቤን ኣለዎ፣ ዋላ ውን ንንውሕ ዝበለ ግዜ እንተትሓስብ ንምሉእ ሓባር ሕብረተሰብ። ምፍልላይን ኣድልዎን ብዝተረፈ ቀጢባዊ ዕዳ ይፈጥር። ዝምልከቱ ተመኩሮታት ኣብ ርክብ ምስ ቤትጽሕፈታት ወይ መንግስታዊ ተግባር ንእምነት ኣብ መንግስቲ ይጎድኡ እዮም። ስለዚ ምፍልላይ ቀጻሊ ክቓለስ ኣለዎ፤ ኣብ መንጎ ካልእ ነገራት እቲ ሕጋዊ ከምኡ'ውን ተግባራዊ ምክልኻል ካብ ኣድልዎ ክመሓይሽ ኣለዎ ከምኡ'ውን ንዕኡ ዘድሊ ሕብረተሰባዊ ስምዒት ክሕየል ኣለዎ።

## 7. ልሙዳት ኣስማት ክንቀፉ ኣለዎም

ኣብ ህዝባዊ ምርኽኻብ ጥንቁቕ ምጥቃም ቋንቋ ኣገዳሲ እዩ - ምፍልላይን ፖሊቲካዊ ሽግርን ክውገዱ ምእንቲ ክከኣሉ። ብሓፈሽኡ ዝተጠቐሙ ኣስማት ከምኡ'ውን ሕጋውያን ፍልልያት ኩሉ ግዜ ዝሰማምዑ ኣይኮኑን፤ ብዝተረፈ ከኣ ትርጉሞም በብጥቕሞም ክሕሰበሉ ኣለዎ። ንጡፍ ምምዳብ ሕብረተሰብ ፍልሰት ዕዉት ምእንቲ ክኸውን፣ ብዛዕባ ኣስማትን ኣምራትን ከምኡ'ውን ኣጠቓቕማኦም ክዝረብ ኣለዎ፣ ሽዑ ኩሉ ግዜ ዝምልከቱ መልእኽትታት ወይ ምልክታት ዝስደዱ ስለዝኾኑ። በዚ መዳይ ኮሚሽን ዝስዕብ እማመ ይገብር፥ እቲ "መበቈል ስደት (Migrationshintergrund)" ዝብሃል ኣምር ኣብቲ መንግስታዊ ስታቲስቲክ ብዝያዳ ንጹር ከምኡ'ውን ካብቲ ሕጂ ዘሎ ብዝያዳ ዝርዝራዊ ሓበሬታ ክግለጽ ኣለዎ። ብኽምኡ ብዛዕባ "መበቈል ስደት ዘለዎም ሰባት" ክዝረብ ኣይግባእን፣ ግና ብዛዕባ "ፈለስትን (ቀጥታውያን) ደቅታቶም" ክዝረብ ይግባእ። እቲ ሞያዊ ኮሚሽን ዋላ እዚ ስም ሽግር ከምዘስዕብ ይሰማማዕ እዩ። ዝቃዶ ፍትሕ ብርእይቶ ኣባላት ዝከኣል ኣይኮነን፣ ምኽንያቱ ሓደ ሓፈሻዊ ንቁጠባዊ፣ ቋንቋዊ ከምኡ ድማ ፖሊቲካዊ ትጽቢት ዝረክብ ስም ክህሉ ኣይክእልን እዩ።

## 8. ማዕርነት ዕድላት ኣብ ትምህርቲ ግድነታዊ እዩ

ትምህርቲ ንውህደት ማእከላዊ ትርጉም ኣለዎ። ቆልዑትን መንእሰያትን - ታሪኽ ዘለዎም ዘይብሎም ብዘየገድስ - እቶም ትምህርታውያን ትካላት ንማሕበራውያን ኩነታት ናብራኦም ከምኡ'ውን ቋንቋዊ፣ ባህላውን ሃይማኖታውን ብዙሕነቶም ዝቕበሉን ዘኽብሩን እንተኾይኖም ብዝበለጸ ክድገፉ ይኽእሉ። ዝተፈላለዩ ኩነታት ምምሃር ስለዘለው ፍልልያት ዘለውዎ ደገፍን ሓገዝን ኣብቶም ትካላት መዕቆቢ

ሕጻናት ከምኡ ድማ ቤት-ትምህርትታት ኣድላይ እዩ፣ ዝኾነ ምፍልላይ ክንከ መታን ክከኣል። እዚ ምፍልላይ ምስ ስድራዊ መበቈል፣ ብሕልፊ ማሕበራዊ ክሳራ ከምኡ'ውን ምስ ዝተፈላለዩ ቋንቋውያን ቅድመ-ኩነታት ትምህርቲ ዝተኣሳሰሩ እዮም። እቲ ቤት-ትምህርቲ ናይ ምምሃርን ምጽናዕን ከምኡ ድማ ንውልቃዊ ክእለታትን መርገጽ ምዕባለን ዝእንፈቱ ቀረባት ምስ ላዕለዋይ ዋሕስ ከቕርብ ኣለዎ። ካብኡ ንየው ብውሑዱ መሰረታዊ መርገጽ ትምህርቲ ክረጋገጽ ኣለዎ፣ ኩሎም ተመሃሮ ሓደ ዝምልከት ደረጃ ክእለት ክበጽሑ ምእንቲ ክኽእሉ፣ ዕዉት ዝኾነ ትምህርታዊ ታሪኽ ከምኡ'ውን ሕብረተሰባዊ ተሳትፎ መታን ክህልዎም። ስለዚ እቲ መንግስቲ ማዕረ ዕድላት ዝህብ ትምህርቲ ኣብ ጀርመን ክረጋግጽ ግዴታ ኣለዎ። ነዚ ከኣ ዋሕስ ናይቶም ትምህርታውያን ቀረባት ቀጺሎም ክምዕብሉን ክመሓይሹን ኣለዎም፣ ብሕልፊ ኣብ ዓውዲ ትምህርቲ ቋንቋን ምዕባለ ቋንቋን። እንተላይ ትምህርታውያን መንገድታት ብዝነውሐ ክፉታት ክተርፉ ኣለዎም።

## 9. ክእለታት ፈለስቲ ብዝሓሸ ክጥቀሙ ኣለዎም፣ ብቕዓቶም ክሕየል ኣለዎ

ኣብቶም ዝሓለፉ ክልተ ዓሰተ-ዓመታት ኣብ ፖሊቲካ ውህደት ዋላ ውን ኣብ ውጽኢታት ውህደት ብርቱዓት ግስጋሰታት ተቐልቂሎም። ብዝኾነ ግን ምፍልላይ ኣብ ላዕለዋይን ታሕተዋይን ጫፍ ናይ ትምህርታዊ ብቕዓት ክረአ ይከኣል። ፈለስቲ ኣብ ወጻኢ ተማሂሮም ዝነበሩ ፍልጠትን ክእለትን ብዙሕ ግዜ ክጥቀሙሉ ኣይክእሉን እዮም። ስለዚ ንዕድላት ትምህርትን ስራሕን ዝተመልከተ ብገምጋም ገና ክሳራ ይረአ፣ ካብኡ ብፍላይ ደለይቲ ሓለዋ ዝተተንከፉ እዮም። ስለዚ ምምሕልላፍ ካብ ኣብ ወጻኢ ዝተመሃረ ብቕዓት ምድጋፍ ከምኡ'ውን ክእለታት ፈለስትን ስደተኛታትን ምሕያል ካብቶም ዕማማት ፖሊቲካ ውህደት እዮም፣ ብሕልፊ ግን ፖሊቲካ ትምህርትን ዕዳጋ ስራሕን። ኩሎም ኣብ ጀርመን ዝነብሩ ሰባት ንንጡፍ ተሳትፎን ምትሕብባርን ኣብ ሕብረተሰብን ዕዳጋ ስራሕን ዘድሊ መሰረታዊ ክእለት ክመሃሩ ክኽእሉ ኣለዎም።

ኣብኡ እቲ ምዕባለ ቋንቋ ኣገዳሲ ተራ ይጻወት፣ ድልዱል ፍልጠት ጀርመንኛ መፍትሕ ንንጡፍ ተሳትፎ ኣብ ኩሎም ቦታታት ሕብረተሰብ ስለዝኾነ። ማዕረ ምዕባለ ናይ መፈጸምታታት ቤት-ትምህርትን ኣውስቢልዱንግን ዩኒቨርስትን ኣብ ጀርመን ውን ኣገዳሲ እዩ።

## 10. ንመጻኢ ዘኽብር ፖሊቲካ ፍልሰት ነቲ ምውህሃድ ኣብ ዕዳጋ ስራሕ ከመሓያይሾ ይኽእል

ብመዳይ ህዝባዊ ቅያር ከምኡ'ውን ዝጐድል ስደት ካብ ካልኦት ኣባላት ሃገራት EU፣ ጀርመን ኣብ ፖሊቲካ ፍልሰት ብድሆ ኣለዎ፥ ዕዳጋታት ስራሕ ንካብ ሳልሳይ ሃገራት ዝመጹ ሰባት ብዝያዳ ክኽፈቱ ኣለዎም። እቲ ግስጋሰ ሰራሕተኛታት ኣብ ሞያታት ብኸምኡ ጥራይ ክድልደል ይከኣል እዩ። እቲ ወሃቢ ሕጊ ምስቲ ሓድሽ ሕጊ ፍልሰት ሞያተኛታት ነዚ ንክድግፍ ዝከኣለሉ ፈቲኑ። ሞያዊ ኮሚሽን ብሕልፊ ምስቲ ምግዳፍ ቀዳማይ መርመራ ፈጺሙ ይሰማማዕ ከምኡ'ውን ዝኾኑ ሽግራት ንካብ ወጻኢ ዝመጹ ሰራሕተኛታት

ክልግስ ይጽዕር። ብዝተረፈ ቅባለ ናይ ካብ ወጻኢ ዝተገበሩ መፈጸምታታት ክምኡ'ውን ሰርቲፊከት ናይ ብሞያዊ ተመኩሮ ዝተመሃሩ ብቕዓታት ክቕለል ኣለዎ። እቲ ስደት ሞያ ከከም ኣድላይነት ኣብ ዕዳጋ ስራሕ ብጽቡቕ ዝምደብ እንተኾይኑ፣ እቶም ዕድላት ውህደት ናይ ዝኣተዉ ስደተኛታት ሞያ ኣዕርዮም ክመሓይሹ እዮም።

## 11. ውህደት ቀጻሊ ምዕባለ ከተማ ከምኡ'ውን ማሕበራዊ መንበሪ ፖሊቲካ የድሊ

ምንባር ሰብኣዊ መሰል እዩ ከምኡ ድማ ቀንዲ ዓንዲ ሕብረተሰባዊ ተሳትፎ ኣብ ጀርመን። በቲ ሓደ ወገን መንበሪ ኩነታት ብቑዕን ድልድሉን ክኸውን ኣለዎ። በቲ ካልእ ወገን ኣበይን ከመይን ሓደ ሰብ ከምዝነብር ካብ ኣማራጺታት ናይዚ ተሳትፎ ይምርኮስ - ስፍሓትን ዓይነትን ናይ ማሕበራውን ጐረበታውን ርክባት፣ ሕብረተሰባዊ ቅባለ፣ ውልቃዊ ጥዕና፣ ኣረካክባ ከምኡ'ውን መርከቢ መጐዓዝያን ትራፊክን ዋላ መርከቢ ትካላት ትምህርትን ቦታታት ስራሕን። እዚ ብፍሉይ መዳይ ንስርዓታዊ ዕንቅፋት ኣብ መርከቢ ዕዳጋ ኣፓርታማ ዘለዎም ፈለስቲ እዩ ዝምልከት።

ብሕልፊ ኣብ ብዙሕ ሰብ ዝቕመጡ ቦታታት ነቶም ኣብኡ ዘለው ምሕደራታት ኣድላይን ሕጋውን ገንዘባውን ሓገዛት ክቕረበሎም ኣለዎ፣ መንበሪ ቦታ ንክፍጠር ከምኡ ድማ መንበሪ ስርዓታት ንክቈጻጸሩ። ንመጻኢ ዝሕሰብ ፖሊቲካ ውህደት ነቶም ፍሉይ ዓቕሚ ውህደት ዝጽዕሩ ቦታታት የደልድሎም እዩ፣ ከምኡ ድማ መንፍዓቶም ነቲ ሕብረተሰብ ከተማ የድንቕ። ኣቲ ኮሚሽን ንጡፍ ዝኾነ ፖሊቲካ መንበሪን ባይታን ይመኽር፣ ዕላማ እዚ ፖሊቲካ ዝያዳ መንበሪ ቦታ ምፍጣር እዩ፣ ግና ዋላ ውን መርከቢ መንበሪ ቦታ ክኽፈል ከምዝኽእል፣ ማለት ኣዝዩ ክቡር ንከይከውን፣ ይጽዕር። ከምዚ ዓይነት ፖሊቲካ ሪሶርሳት ይኣክብን ይምዕብልን፣ ቀጻሊ ምዕባለ ከተማ፣ ምንባር ከምኡ'ውን ውህደት ኩሉ ብሓባር ብምምዳብ።

## 12. ማዕረ ዕድላት ጥዕና ኣድላይነት ንዕዉት ውህደት

ዕዉት ዝኾነ ውህደት ካብ ማዕረ ዝኾኑ ዕድላት ጥዕና ይምርኮስ። ኣብ ፈለስትን ቀጥታውያን ደቅታቶምን እቲ ጥዕና ካብቶም ማዕረ ዝኾኑ ማሕበራውያንን ቍጠባውያንን ረቛሒታት ይምርኮሱ፣ ልክዕ ከም ኣብ ደቀባት ዝግበርን ዝውደብን እዩ፤ ኣብ ገምጋም ግን ፍልልያት ክህልዉ ይኽእሉ። ክሳራታት ኣብ ትምህርቲ፣ ትሑት ደሞዝ ከምኡ'ውን ሕማቕ ኩነት ስራሕን መንበርን ኣብቲ ጥዕና ኣሉታዊ ሳዕቤን ኣለዎም፣ እንተላይ ከም ማሕበራዊ ምፍልላይን ዓሌትነትን። ስለዚ ምምሕያሽ ማሕበራዊ-ቍጠባዊ ኩነት ከምኡ'ውን ምቕላስ ምፍልላይን ዓሌትነትን ኣገዳሲ ኣበርክቶ ንምምሕያሽ ጥዕና ፈለስትን ስደተኛታትን ደቅታቶምን ይህቡ፣

ማዕረ መሰል ዘለዎን ካብ ምፍልላይ ነጻ ዝኾነን መርከቢ ክንክን ጥዕና ከምኡ'ውን ሕክምናዊ ፍወሳ ንክረጋግጽ፣ ኣብቶም ኣገልግሎታት ጥዕና ቋንቋውያንን ባህላውያንን ዕንቅፋታት ክጠፍኡ ኣለዎም ከምኡ'ውን ብዙሕነት ዘኽብር ምክንኻን ክድገፍን ክሃንጽን ኣለዎ። ኣብዚ ሕጂ ግዜ ኣብ መሰል ጥዕናውያን ገንዘባት ንንጽላት ጉጅለታት ስደት ደረታት ኣለው። ብጥዕናዊ ኣረኣእያ እቶም ንነፍስወከፍ ጉጅለታት ሰባት ዝሰርሑ ደረታት ናይ ጥዕናውያን ገንዘባት ክስረዙ ኣለዎም ከምኡ'ውን ዚኣመሳሰሉ ገንዘባት ከም ተቐበልቲ ሶሻያል/ማሕበራዊ ገንዘብ ድሕንነት ክወሃበሎም ይግባእ። እቲ ፖሊቲካ ብዝተረፈ ተወሰኽቲ መዳያት ውሳነ ኣብ ግምት የእቱ፣ እዚ ሽዑ ብኣባላት ሞያዊ ኮሚሽን ብዝተፈላለየ ኣገባብ ይግምገም። ግዝያውያን ሰራሕተኛታትን ደለይቲ ምክልኻልን ክተሓዙ እንከለው እቶም ሕጋጋት መትከል ምክልኻል ኮሮና ክኽተሉ ኣለዎም። እዚ ድማ ርሕቕት ምኽባርን ሕጋጋት ጽሬት ምኽታልን ዝከኣለሉ መቕመጢ የድሊ እዩ።

## 13. ዓሌትነት፣ ገበን ጽልኣት ከምኡ'ውን ራዕዲ/ተሮሪዝም ንቀንዲ ሕብረተሰብ የደንግት

ዓሌትነት፣ ገበን ጽልኣት ከምኡ'ውን ራዕዲ ምስቶም ክብርታት ናይ ነጻ-ደሞክራስያዊ ስርዓተ መሰረት ጀርመን ኣይሰማምዑን እዮም። እዚ ሕጂ ብሕልፊ ኣብ የማናዊ ጥሩፍነት ከምኡ ድማ ኣብ የማናዊ ራዕዲ ይረኣ። ብእኡ እቲ ቀንዲ ባእታ ሕብረተሰብ ተደንጊቱ ኣሎ። እዚ ብግዝያዊ ዝተደረቱ ንጽላት ፕሮጀክታት ጥራይ ክቓለስ ኣይክእልን። ምቕላስ እዚኦም ክስተታት ቀጻሊ ዕማም ናይ ቤት-ጽሕፈታት ውሕስነት እዩ ከምኡ'ውን ናይ ኲሎም ሰባት ኣብ ጀርመን። ነዚ ውን ብርትዕ ዝበለ ዜጋዊ ተወፋይነት ኣንጻር ዓሌታውን ኣንቲ-ሰሚቲካውን ቃላትን ተግባራትን ኣብ መዓልታዊ ናብራ የድሊ ከምኡ'ውን መሰረታዊ ስምምዕ ብዛዕባ ምንጻግ ዓመጽ ከምኡ ድማ ምንጻግ ምንዓቕ ሰባት ኣድላይ እዩ። ኣብዚ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ጥሩፍነት ከም ማዕረ ዝኾነ ድንገት ክረኣዩ ኣለዎም፤ ኲሎም እዚኦም ክቓወሙ ከምኡ ድማ ብከልካሊ ክውገዱ ኣለዎም። ኲሎም ጉጅለታት ኣብ ሕብረተሰብ ነቲ መንግስታዊ ስልጣናዊ ምብሓት ዝቕበሉን ዘኽብሩን እንተኾይኖም፣ ስሉጥ ኣከያይዳ ኣንጻር ጥሩፍነት ክካየድ ይከኣል።

## 14. ውህደት ምውፋር ንመጻኢ እዩ

ውህደት ቀንዲ ማእከላዊ ዕማም እዩ፣ ንኲሎም ፖሊቲካውያን ቦታታትን ደረጃታትን ይምልከት እዩ። ኣብ በቦታ ኣብ ተግባር ክውዕል ኣለዎ ከምኡ'ውን ምስ ክፍሊታት ተሰሳሲሩ። እዚኦም ክፍሊታት ግና ረባሒ ምውፋር ኣብ መጻኢ ሕብረተሰብ እዩ። ሽዑ ክቕልቀሉ ዝኽእሉ ሽግራት ሪሶርስ ክሕሰበሎም ኣለዎ፣ እዚኦም ኣብ ዝኾነ ኮም ይርከቡ። እዚኦም ካብ ስደት ኣይምርከሱን እዮም፣ በዚኦም ግና ክሕየሉ ወይ ክድከሙ ይኽእሉ። ናይ ሪሶርስ ጸገማት ብመበቈል ዘይኮኑ ብኣድላይነት ተግባር ክፍታሑ ኣለዎም ከምኡ'ውን ኣብ ውሽጢ ፖሊቲካዊ ጉዳያት ብዛዕባኦም ግድድፋት ክግበሩ ኣለዎም።

ናይ ፖሊቲካ-ውህደት ዕማማት ግዴታን ቀጻሊ ዕማማትን እቶም ምሕደራታት ምእንቲ ምድልዳል ሕብረተሰባዊ ምትሕብባር ነዚ ኣብ ተግባር ከውዕሉ ንክኽእሉ ዓቕሚ ከድልዮም። መንግስትን ክፍለ-ሃገራትን ብዝያዳ ከምኡ'ውን ብሕልፊ ቀጺሎም ኣብኡ ክሕግዝዎም ኣለዎም። እዚ ኣብ ውሽጢ ዝተሰርዐ ፋናንሳዊ ስርዓት ክፍጸም ኣለዎ፣ ድርኺት ንስሉጥ ኣጠቓቕማ ናይ ውሑድ ሪሶርሳት ክስረት ይፍትን። እንተላይ ዝበርትዐ ቍጽጽር ስልጠትን ዓወትን ናይቶም ገንዘብ ዝህቡን ዝቕበሉን ኣድላይ እዩ። በዚ ምትእስሳር እቶም ስጉምትታት ውህደት ኣብ ኩሎም ደረጃታት ብትኽክልን ብዓሚቕ ኣገባብ ስነ-ፍልጠትን ክግምገሙ ኣለዎም። እዚ ኩሉ ምስዝሰርሕ ስደትን ውህደትን ንኩሎም ኣኽሳቢ ክኸውን ይኽእል።